St. Justin de Jacobis
Kath. Geez Ritus Gemeinde
Mühlrain 51
D-70180 Stuttgart



2024 ነንብብ ክንዕንብብ Nr.130

# „እወ! ትንሣኤ፡ ጕደና-ድሕነትን፡ ሓጐስን፡ ዚተኣወጀሉ ዕለትዩ“

ጕደና ድሕነት ወይ ከኣ ጕደና እግዚኣብሔር እንብሎም፡ እሞ ኸዓ „መሪሕ“ ዚኾኑና ኣንጸባረቕቲ ዚኾኑ ኣምራት ኣሎዉና። እዚኣቶም ከኣ ምስቲ ዘመነ-ትንሣኤ ቢልና እንቈጽሮ ዕለታት ክርስትናና ዚተቛረና ትምህርቲ ኰይኑና ንረኽቦ። „ዕለተ-ትንሣኤ“፡ ሓደ ፍልይ ዚበለ ገጽታ ዘሎዎ ውህበት ኰይኑ ይርከበና። እቱይ ኣንጕዕ ብስራተ-ቃሉ ከዓ፣ ንሕና ለባውያን ዚኾና ደቂ-ሰባት፣ ኣብ ሕይወትና፦ „ብሕታውን፡ ናይ ተነጽሎነት ጕዕዞ“፡ ከም ዘይ-ብልና ዘረጋግጸልና'ዩ። እዚ ማለት ከዓ፦ መድሕን ኢየሱስ፡ ብተግባረ-ሞቱ፣ ወትሩ ምሳና ኣብ'ቲ ጕዕዞና ምህላዉ ዘመልክተልና'ዩ። እዃ'ውን ድኣ፦ እቲ ዚነውሐ ጕዕዞ ዚሓትት-ጕደና ኣበይ ከም-ዚርከብ ዚሕብረና'ውን ኾይኑ ይርከበልና። በዚ መሠረ'ዚ ከኣ፣ እቲ ክንጕዓዘሉ ዚተመልከተልና ጕደና፡ ናይ ብሓቂ ኣድላዪ ዚኾነ ምልክት-ክርስትናና ኰይኑ ይርከበልና። ማለት፦ ኣብ ዘመነ-ባርነት ምድረ-ግብጺ፡ ዚቀደሙ ኣሕዛብ ነገደ-ደቂ-ያዕቆብ ወይ ከዓ እስራኤላውያን ዚተሰምዩ ሓረገ-ደቂ-እምነትና ዚኾኑ፣ ካብ'ዚ ኣርዑት-ባርነት ንኪወጹ፣ ብኣብኣምን፡ ሓዎምን ዚኾነ „ነቢይ ሙሴ“ ተመረሐም፣ ኣብ'ታ „መዓርን-ጸባን“ ዚፈሰላ ዚነበረት ርስቲ ኣቦታቶም ዚኾነት ቅድስት-ሃገር፡ ማለት፦ ንምድረ-ከነዓን ንዓርብዓ-ዓመታት ዚኣክል ኣብ መንገዲ ምድረ-በዳ ክርተት ክብሉ ከም-ዚተረኽቡን፣ ከም-ዚተዓወቱን'ዩ። ሰብ ብዛዕባ እታ መወዳእታ ዚኾነት ጕደና ኪዛረብ እንተ-ተሰሚዑ፣ ብርግጽ ብዛዕባ እተን ቅድሚ ሞትና ዚርከባ ዕለታት ዘመልክት ምዃኑ ምንም ዘጠራጥር ኣይ-ኮነን። ከምኡ ብምዃኑ ከኣ ኣብ'ታ ዕለተ-ቅዱስ ቍርባን (Fronleichnam) ኣብ እንብላ ዝክረ-በዓለ-ዕለት፣ ኣብ ጕደናታት ጕደቦታትናን፡ ከተማታትናን፡ ዑደት ክንካይድ እንክሎና፣ ነቲ „ህልው ዚኾነ ክርስቶስ“፡ ንህልውናኡ ምሳና ከም-ዘሎ እነረጋግጸሉን፡ እነበዕለሉን ኰይኑና ይርከብ። በዚ ኸዓ ንሱ እቱይ መድሕና ዚኾነ መምህር ክርስቶስ፦ „ኣነ መንገድን፡ ሓቅን፡ ሕይወትን.. እየ“ እናበለ፣ ንምእንቲ ክንከተሎ፡ ክዕድመና ይርከብ። ምድረ-ሰማይ ተፈጥሮኣዊ ስርዓቱ ሓልዩ፣ እንሓንሳብ ጠሊ-ዚበዝሓሉ፣ እንሓንሳብ ከዓ ዚደርቀሉ እዋናት ከም-ዚርከቦ፣ እሞ እቲ ሕያው ዚኾነ ምድራዊ-ፍጥረት ኩሉ፡ ከከም'ቲ ዚመችኦን፡ ዚሰማምዖን ጠባየ-ኣየር ናይ ጸደይን፡ ሓጋይን፡ ክረምትን፡ ተመልኪቱ፡ ኪዳለወሉን፡ ኪሕጐሰሉን ክፉት ባይታ ይረክብ። ናብ ዚመችኣካ ቦታ ንኽትቅይር'ውን ኣማራጺ ዕድላት ይኸፍተልካ። ብሥጋዊ-መዳይ ከምኡ ዚኣመሰለ ኣማራጺታት ከም-ዚርከቦ፣ ንመንፈሳዊ ሕይወተ-መዳይና ከም-ኣማረጽቲ ጕደናታት ኰይኖም ኪርከቡ ዚኽእሉ ከኣ ከም'ቲ ዚተፈላለየ

St. Justin de Jacobis
Kath. Geez Ritus Gemeinde
Mühlrain 51
D-70180 Stuttgart



እምነታት ዘሎምም መንፈሳዊ-ውርሻ፣ ውሉደ-ክርስትና ዚኾኑ ለባውያን-ፍጥረት'ውን ነቲ መምህር-ክርስቶስ ዚተለመልና ጐደና ከም-ኣብነት ክንርእን፡ ክንተግብርን ክንርከብ ጽቡቕ'ዩ። ከም-ሓደ ዚበለጸ መንፈሳዊ-ምርጫ ኰይኑ ዚርከበልና ከኣ፡ ከም ናይ ብሉይን፡ ሓዲስ-ኪዳንን ታሪኽ ኰይኑ ዚቀርበልና ዕለታት ናይ „ጾመ-ኣርብዓ“ እዩ። እዚ ኸዓ፦ መምህር ኢየሱስ፡ መንፈሳዊ ታሪኽ-ኣቦታቱ ናብ ግምት ብምእታው፡ „ንዓርብዓ-መዓልታት“ ኣብ በረኻ ናይ ምድረ-ይሁዳ ብጾምን፡ ጸሎትን፡ እሞ ኸዓ ከምኡ፡ ብሳጥናኤል እናተፈተነ፡ ንዘሕለፎ ዕለታት ዘዘኻኽረና'ዩ። እቲይ ዕለታት „ጾም“ ተባሂሉ ዚቀርብ ርኽበት ከም (Einbahnstrasse-Oneway-Street-ብሓደ ኣቕጣጫ) ጥራሕ ንክትጐዓዝ ዚሕብር መምርሒ'ዩ። ምኽንያቱ ከዓ፦ እቲ ጐደና ጸቢብ ብምዃኑ ብክልቲኡ ኣቕጣጫ ክጐዓዙ ንዝደልዩ ተንቀሳቀስቲ ብሓደ-እዋን ከስተናግዶም ስለ-ዘይ-ክእል፡ ተራ-ብተራ ንክሓልፉ ክመቃርሑ ይግብኦም። እንተ-ዘይ-ኰይኑ፣ ኣብ ጸገም ክኣትዉ ምዃኖም ተገንዚቦም እንክሎዉ እንተ-ዘይ-ተግቢሮም ስርዓት ስለ-ዘይ-ኣኽበሩ መቕጻዕቶም ይቕበሉ። እቲይ ሥርዓት ዚተኸተለ ውሉድ ከዓ፡ ዚድረብ ተጽዕኖ ስለ-ዘይ-ብሉ፡ ንዚተጸበዮ ተስፋን፡ ሸቶን ክጭብጥ ይርከብ። በዚ ኸዓ እታ ጐደና-ትንሣኤ እንብላ „ጾም“፡ ናብ „ሓዲስ ተስፋን“፡ ናብ „ሓዲስ ሸቶን“ እትመርሓና ገለርያ'ዩ። ናይ ጸጸትን፡ ንስሓን፡ ጐደና ኰይና ከኣ ትርከብ። ሓቂ'ዩ! ጐደና-ሕይወት፡ ብዕለተ-ትውልዲ ጥራሕ'ያ ትትለም። እታ ዚተተለመት ጐደና ከዓ „መፈለሚትን፡ መፈጸሚትን“ ዚኾና ክልተው ሸቶታት ዚሓቌፈት ኰይናትልና ትርከብ። ካብ ክልቲኣተን ከዓ፡ እታ „መዕረፊት ነጥቢ“ ዚኾነት „ሸቶ“፣ ብብሉጽነት ትርአ። ንሳ ከዓ፡ „ትንሣኤ“ እያ። ምኽንያቱ፦ ካብ „ጸላም ናብ ብርሃን“፣ ካብ „ምጽባይ ናብ ርኽበት“፣ ካብ „ድኻም ከዓ ናብ ዕረፍቲ“፣ ዚብጽሓሉ ጒዕዞ ስለ-ዚኾነ። እቲይ „ብርሃንን፡ ርኽበትን፡ ዕረፍትን እንብሎ ኸዓ፣ ከም-ሻሙ ዚርአን፣ ካብ ክፉት-ዕዳጋ ከዓ፡ ብዘይ-ዋጋን፡ መከራን፡ ዚተረኽበ ውርሻ ኣይ-ኮነን። ብሰለስተው ቅዱሳት-ዕለታት፣ ማለት፦ „ጸሎተ-ሓሙስን፡ ዓርቢ-ስቅለትን፡ ቀዳም-ስዑርን“፡ ተኸቢቡን፡ ተሰሪቱን፡ ተሓልዩን፡ ብዚተነድቀ-ግምቢ፣ ዚተለገሰልና ኣዋጅ-ድሕነት ምዃኑ'ዩ። →በታ ዕለተ ሓሙስ - ጽግቦ፦ ንሥጋን፡ ንመንፈስን መሳሰዪ ዚኾነና „ስጋኡን፡ ደሙን ናይ መድሕና ክርስቶስ“ ዚተሰርዓልና'ዩ። →በታ ዕለተ - ዓርቢ - ስቅለት ከኣ፦ „መስቀል ዋልታናን፡ መባረኺናን“ ንምእንቲ ኪኾነና ዚተጨበጥናሉ'ዩ። →እታ ሳልሲት ቅድስቲ ዕለት ዚኾነትልና ዕለተ - ቀዳም - ስዑር ከዓ ብብርሃን ንምእንቲ ኪንክለል፣ ዚበርሀት ጥዋፍ ዚተለገሰናሉ ሰዓት'ዩ። ድሕር'ዚ ኩሉ ጒዕዞ ከዓ መደምደሚት፡ ሸቶ ዚኾነት፣ ቤትና ንምእንቲ ክትክፈት „መለኸት - ዓወት ዚነፍሕ መጕልሒ“ ዚተቀበልናሉ ምዃኑ'ዩ'ሞ፣ ንተሓጕስ፡ ዕልል ንበል፣ ንምእንቲ ክንቕደስ ኢልና ኣብ ምድራዊ-ሕይወትና ከም-መጻዋዕታና ኪዳን ንዝኣቶናዮ ቃልና ከዓ ኣይ-ነዕብር። ኣሜን። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed

Awod: 2024